# መግለጺ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ጆርጅያ

ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ጆርጅያ ኣብቲ ብዕለት 30 መጋቢት 2013 ዘካየዶ ፍሉይ ኣኼባ ናይ ኣባላቱ፡ ንህሉው ኩንታት ማሕበር ገምጊሙ ኣብ ናይ ሓባር መረዳእታ ድሕሪ ምብጻሕ፣ ነቲ ማሕበር ንምድንፋዕ ዝሕግዙ ጠቓምቲ ዝኾኑ ለበዋታትን ርእይቶታትን ብምቕራብ ናይ መጻኢ መደባቱ ቀይሱ።

ኣብቲ ኣብዚ ዕለት እዚ ዝተኻየደ ኣገዳሲ ኣኼባ፡ ብመራሕቲ ኣኼባ መጀመርያ ብዛዕባ ኣገዳስነት ማሕበረ-ኮምን ሓፈሻዊ ኣመዓባብላኡ ኣብ ኣትላንታን ብጽሙቕ ዝበለ መልክዕ ቀሪቡ፤ቀጺሉ ኣመሰራርታ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ



ጆርጅያን፡ዝፈጸሞ ስራሓትን ዝነበሮ ድኽመታትን፣ ብፍላይ ድማ ካብ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ቦርድ ዘጋጠመ ጸገማትን ዘይምርድዳኣትን፣ ንኣፈታትሓኡ ብዝምልከት ዝተኸተሎ ኣገባባትን፡ጽልዋኡ ኣብ ህዝብን ዝገልጽ ጸብጻብ ቀሪቡ። እቲ ጸብጻብ ንመስርሕ ዘተ ምስ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣመሪካውያን ኣብ ጆርጅያ ብዝምልከት ኣቦ-ወንበር ቦርድ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ጆርጅያ ኮይኑ ዝሰርሕ ዝነበረ ሓው ዝተኸተሎ ኣገባብ ቅኑዕ ከምዘይነበረን፣ ናይ ምዝታይ ድሌት እንተድኣሃልዩ ድማ ሕጂ'ውን ግሉጽ ብዝኾነ መንገዲ፣



ቅኑዕ መስርሕን ኣገባብን ተኸቲሉ ኪግበር ጸገም ከምዘየለ ተገሊጹ። ብተወሳኺ ኣብ ቀጻሊ ነቲ ዘተ ዝመርሕ ሽማግለ ክምዘዝ ምኻኑ'ውን ተጠቒሱ። መራሕቲ ኣኼባ ንህሉው ኩነታት ብኸምዚ ዝተጠቕሰ መልክዕ ድሕሪ ምዝርዛር ኣብ መውዳእታ ንብድሕሪ ሕጂኸ እንታይ ይገበር ወይ ብኸመይ ንኺድ ንዝብል ሕቶ ዝውስን እቲ ጉባኤኛ ምኻኑ ብምሕባር ርእይቶታት ካብ ኣኼበኛታት ክቐርብ ሓቲቶም።

ኣኼበኛታት ነቲ ብመራሕቲ ኣኼባ ዝቐረበ ጸብጻባት ብጽሞና ድሕሪ ምስማዕ ነዚ ዝስዕብ ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።



ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ጆርጅያ በቲ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ዝነኣድ ኣገልግሎታት ንህዝቢ (ብፍላይ ንሓደስቲ ዝመጹ ዜጋታት) ክህብ ከምዝጸንሔን፣ ነዚ ብዝያዳ ንምሕያልን ኣብ ዝለዓለ ደረጃኡ ንምብጻሕን ግን ብዙሕ ስራሓት ከምዝጽበዮ ገምጊሞም። ብተወሳኺ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት እዚ ቦርድ'ዚ ኣባላቱ ኣብ ምጥርናፍን፡ ሓበሬታታት ዘመሓላልፈሉ ኣኼባታት ናይ ኣባላት ኣብ ምክያድን፡

ክነጥፍ ከምዘይጸንሔን፣ በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ እቲ ነብሱ ከም ኣባል ናይዚ ማሕበረ-ኮም እዚ ቆጺሩ ክኸይድ ዝጸንሔ ህዝቢ ደሃይ ናይ ማሕበሩ ክገብር ብዘይምጽንሑ ተወሳኺ ጸገም ከምዝነበረ ገምጊሙ።



ካብ ሕጂ ንንየው ግን ማሕበር ብመራሕቱ ጥራይ ዘይኮነ ብንጡፍ ተሳታፍነት ናይ ኣባላቱ ዝካየድ ምኻኑ ብምእማን ኩሉ ኣባል ተገዲሱ ክሰርሕን ማሕበሩ ከደንፍዕን፣ ዝምረጹ ሓለፍቲ ማሕበር ድማ ቀንዲ ተሓተቲ ናይዚ ዕማም ስለ ዝኾኑ ብተወፋይነትን ብዑቱብነትን ክሰርሑ ከምዝግባእ ኣብ ምሉእ ምርድዳእ ተበጺሑ። ተጋባእቲ እቲ ማሕበር ክሳብ ጉባኤ ጌሩ ሓፈሻዊ ምርጫ ብምክያድ መራሕቱ ዝመርጽ ብግዝያዊነት ኣብቲ ቦርድ ኣትዮም ከገልግሉ ዝኽእሉ ኣሕዋት ክውሰኹ ዝተረዳድኡ መሰረት ብሙሉእ ስምምዕ ትሽዓተ ኣባላት ናብቲ ቦርድ ከምዝውሰኹ ተጌሩ። ኣኼበኛታት ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ገንዘባዊ ዓቕሚ ማሕበር ዘዕቢ ውጽኢት ብምግባር፣ ማሕበሮም ንምድንፋዕ ዘለዎም ቅሩብነት ብግብሪ ኣረጋጊጾም። ብተወሳኺ ብግዱሳት ኣባላት ማሕበር ንህጻናት ናይ ኩዕሶ እግርን ኩዕሶ ሰኪዔትን ትምህርቲ (training) ክወሃብ መደብ ወጺኡ ምዝገባ'ውን ተፈጺሙ። ዝነኣድ ተበግሶ፡

በዚ ኣጋጣሚ እውን ነቲ ኣብ ሸወደን ዘጋጠመ ምንዳድ ሰለስተ ማሕበረ ኮም ኤርትራዊያን የሕዋትና፡ ብማሕበርና ናብ ናይ ሸወደን ቁንስላዊ ዝተላኣከ ደብዳቤ ገሊጹ፡ እቲ ጉባኤ እውን ደጊሙ ነቲ ዝተገብረ ግብረ-ሽብራ ከምዝኹንን ኣረጋጊጹ።

ኣብ'ዚ ብምሉእ ምርድዳእ ናይ ኣባላቱ ዝተኻየደ ናይ ልዝብ ኣኼባ ኣብቶም ኣገድስቲ ዝኾኑ ጉዳያት ብምትኳር (ልዕሊ ኩሉ ድማ ንቐጻልነት ናይ'ዚ ማሕበር ብዝምልከት)፣ ንተሳፍቱ ዘዕገበ ውሳኔታትን ለበዋታትን ሒዙ'ዩ ወጽዩ። እዚ ድማ እቲ ማሕበር ነቲ ዘጋጠሞ መሰናኽል ሰጊሩ ህላዌኡን ቀጻልነቱን ብምሉእ ርእሰ-ተኣማንነት ዘረጋገጸሉ ፍጻሜ ብምንባሩ ከም ሓደ ኣገዳሲ መሰጋገሪ መድረኽ ዝርኤ ኢዩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣብዚ ኣኼባ'ዚ ዘይተረኽቡ ማሕበርተኛታት፡ ነዚ ዘሎ ምዕባለ ብምክትታል ኣብቲ ዝመጽእ ግዜ ኣብ ዝግበር ጉባኤ፣ ኣብቲ ኣብ ግዜኡ ዝሕበር ግዜን ቦታን ተረኺቦም ተሳታፍነቶም ከረጋግጹ ድማ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክንሕብር ንፈቱ።



ዓወት ንሓፋሽ

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስዋእትና!!!